# መደብ ረድኤት ቱቦታት ረሳሕ ፈሳሲ ህንጻታት



Seattle Public Utilities

ብተሓባባሪነት

Seattle Office of Housing

# ቦታት ረሳሕ ፈሳሲ ናይ ገዛኻ ተበላሽዩ ድዩ? ህጹጽ ጽገና ንምግባር ሓገዝ ናይ ክፍሊት የድልየካ ድዩ?

ምእንቲ ዝያዳ ኽትፈልጥን ከተመልክትን ምስ ቤት ጽሕፈት ገዛዉቲ መደብ ጽገና ገዛ ተራኸብ።

- 206-684-0244 • HomeRepair@seattle.gov
- www.seattle.gov/housing/homeowners/home-repair

0% ናይ ልቓሕ ወለድ ነቶም ብኣታዊኦም ብቑዓት ወነንቲ ቤት ከተማ ሲያትል

ወርሓዊ ኽፍሊት ኣይኽፈልን እዩ




## ቱቦ ረሳሕ ፈሳሲ ናይ ህንጻ እንታይ እዩ ? ክጽግኖ ኣሎኒ ድዩ ?

ኣብ ሲያትል ቤት ትውንን እንተ ደኣ ኾይንካ: ካብ ገዛኻ ዝወጽእ ቱቦ ናይ ረሳሕ ፈሳሲ (እንተላይ መስመር ረሳሕ ፈሳሲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ናብ'ቲ ናይ ህዝባዊ ቱቦታት ረሳሕ ማይ ዝሓውስ ቱቦ ኣለካ። እቲ ኣብ ገዛኻ ዝርከብ ቱቦ ረሳሕ ፈሳሲ ፧ ነቲ ካብ መሕጸቢታትካ፣ ሽቓቑን ናይ ረሳሕ ማይ ቱቦን ዝወጽእ ረሳሕ ፈሳሲ ወሲዱ ናብ'ቲ ኣብ ወሰን መንገዲ ዝርከብ ህዝባዊ ናይ ረሳሕ ፈሳሲ ቱቦ ይሓውስ።

## እቲ ናይ ገዛይ ቱቦ ረሳሕ ፈሳሲ ተበላሽዩ ምኧኑ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል?

ነዚ ኮድ QR ስካን ግበር ወይ ከኣ ናብ www.seattle.gov/utilities/YourSideSewer ብምኻድ ነቲ ጸገም ቱቦታት ረሳሕ ፈሳሲ ንምፍታሕ ዚሕግዝ መምርሒ ረኣይ።

## ብኸመይ እየ ብቑዕ ዝኾዉን?

- ኣብ ሲያትል ኣብ እትውንኖ ቤት ትነብር እንተኾይንካ
- ህጹጽ ጽገና ዜድልዮ እተሰብረ ወይ ዝፈረሰ ቱቦታት ረሳሕ ፈሳሲ ምስዝህልወካ
- ነዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ መምርሒታት ኣታዊ ምስተማልእ

## መምርሒታት ኣታዊ 2021*

| ብዝሒ ስድራ ቤት | ዓመታዊ ኣታዊ | ብዝሒ ስድራ ቤት | ዓመታዊ ኣታዊ |
|---|---|---|---|
| 1 ሰብ | $63,350 | 4 ሰባት | $90,500 |
| 2 ሰባት | $72,400 | 5 ሰባት | $97,750 |
| 3 ሰባት | $81,450 | 6 ሰባት | $105,000 |

* ሕጂ ንዘሎ ብቑዕ ናይ ምኳን መምርሒታት ንምፍለጥ ደውል።